# ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ኣብ ከተማ ቩፐርታል

ብሰንበት ዕለት 24 ጥሪ 2010 ኣብ ከተማ ቩፐርታል ልዕሊ 450 ኤርትራዊያን ተቐማጠ ኖርድ ራይን ቬስትፋለንን ከተማ ሃኖቨርን ዝተሳተፍዎ ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ተኻይዱ ። መደብ ኣኼባ "ፍትሒ ዝጎደሎ ናይ እገዳ ብይን ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት" ብዘርእስቱ መግለጺ ወከልቲ ማሕበረኮማት ተኸፍተ።

ቀጺሉ ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣቶ ብርሃነ ዘርኤ፡ ዘሕንኽን ዘይፍትሓውን ማዕቀብ ባይቶ ጸጥታ ከም መቐጸልታ ናይ ዝሓለፈ 60 ዓመት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ክወሰድዎ ዝጸንሑ ተጻብኦታትን ውዲትን መንግስቲ ኣመሪካ ምዃኑ ብዝርዝር ብድሕሪ ምቕራብ ፤ ነዚ ውሳኔታት ህዝቢ በብከባቢኡ ተወዲቡ ብሸማግለ መኸተ ጌሩ ተቓውሞኡ ኣብ ምግላጽ ዝርከብ ዘሎ ድሕሪ ምምዃስ ፡ ቀጻሊ ብተመሳሳሊ ናብ ዓወት ከሰግሮን ክዛዝሞን ድማ ተላብዩ። ሰዒቡ ኣቶ ፍጹም ሳህለ ካብ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ.ደ.ፍ. ፍራንክፎርት ኣብ ፍልዩነት ኤርትራ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲን ከም ልዑላዊት ሃገርን ኣብ ባይታ ዝተኻየደ ብመንጽር ራእይና ዘቶኮረ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ሃገራውያን ተሳተፍቲ ኣኼባ ነቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ቑጽሪ 1907 ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ ታሕሳስ 23/2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰነ ማዕቀብ ፡ ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝተኣልመን ንነዊሕ ግዜ ክልወሰን ክልዕጠጥን ዝጸንሐ ሕጂ ወያኔ ምስ ተዋጠረን ፖለቲካ ምምሕዳር ኣመሪካ ምስ ፈሸለን ዝተወሰነ ንሰላምን ርግኣትን ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ውሳኔ ፡ „2010 ዓመተ ጽንዓተ ልምዓትን፡ ዓመተ መኸተን ዓወትን፡ ምዕባይ ግዳማዊ ተጻብኦታት ምልክት ገስጋስን ዕብየትናን“ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ድሕሪ ምዘታይ ፡ ንብይን ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣጥቢቖም ኮነንዎ።ደጊሞም ድማ ሎሚውን ከም ትማሊ ነታ ብመስዋእቲ ብሉጻትናን ብቕልጽምናን ዘምጻእናያ ሃገር ንምክልኻል ኣብ ጎኒ ህዝብናን መንግስትናን ከምዘሎና ነረጋግጽ ብምባል ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ውሳኔታት ኣመሓላፉ።

## ውሳኔታት ህዝባዊ መኸተ

1. ነቲ ብሰም ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰነ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ዝጠልብ ብይን፡ 1907/2009 ፡ሕቡራት ሃገራት ብጥብቂ እንዳኾነንና፡ ንኽሰረዝን ክለዓልን ንጠልብ።

2. ነዚ ቀጻሊ ውዲታትን ሸርሕን በዲሁ፡ ብመንፈስን ሕድርን ሰማእታትና እናተመርሐ ልዕላውነትን ክብርን ሃገሩ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከየእተወ፤ ጎይታ ፖለቲካዊ ሓርነቱን ብምዃን፡ ብጽፍሩ መስተንክራዊ ልምዓታዊ መደባትን ህንጸት ሃገር ዘሰላስል ዘሎ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ነሞጉስ። ነዚ፡ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ፡ ዝጻባእን ዝዕንቅፍን ብትሪ እንዳኾነንና፡ ከም ወትሩ መኪትና ከነፍሽሎን ከነበርዕኖን ማሕላና ነሕድስ።

3. ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም፡ ብቐንዱ ድማ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ጸገማት፡ ሳዕቤናት ናይቲ ፍሹል፡ ገባትን ዓማጺን ፖሊሲታት ኣመሪካ ከምዝኾነ ብምግምጋም፤ ኣብ ዞባና ነባሪ

ሰላምን ርግኣትን ንኽሰፍን መንግስቲ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት ነሞግስ።

4. ባይቶ ጸጥታ ሕ.ሃ. ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ምርግጋእን ክነግስ ዝደልን፡ ሕግታቱ ዘኽብርን እንተድኣ ኮይኑ፡ ድርብ መለክዒታቱ ገዲፉ፡ ነቲ ኣብ ቅድሚ ኣውሓሰትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ዝተፈረመ ንውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ቀያድን ናይ መወዳእታን ንኽኸውን ዝጠልብ ውዕል ኣልጀርስ ተመርኪሱ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ንኢትዮጵያ ንኽትቕበሎን ከተኽብሮን፡ ከሰገድዳ ሓላፍነቱ ክልዕል ንጠልብ።

5. ሃገርና ኤርትራ ኣብዚ እዋን'ዚ ብዝተፈላለየ ኩርናዓት ንልኡላውነታ ዝፈታትን ተጻብኦታት የጓንፋ ኣሎ። ባዕዳዊ ተጻብኦ ኣብ ኤርትራ ናይ ነዊሕ ዘመናት ታሪኽ ዘለዎ ኢዩ። በንጻሩ ኸኣ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንኽባቢናን ንዓለምን ዘመስከረ መኸተ፡ መኸተ ጽንዓትን ዓወትን ኢዩ። እዚ ኣብ ድቕድቕ ጸልማት፡ ዓቢ መሰዋእቲ ከፊሉ ህላዌኡ ዘረጋገጸ ህዝቢ፡ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ክምብርከኽ ዘይሕሰብ ኢዩ። ሕጂ'ውን ከም ወትሩ ኩልና ሃገራውያን ኤርትራውያን ዘይቅህም ሃልሃልታ መኸተ ኣበጊስና፡ ካባና ዝሕተት ዘበለ ሞራላውን ንዋታውን ሓገዛት ክነማልእ ቁርባት ከምዘለና ቃል ንኣቱ።

6. ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝብናን ደላይ ሰላምን ፍትሕን ዝኾነ ማሕበረ-ሰብ ዓለምን፡ ፈተውቲ ህዝቢ ኤርትራን፡ ኣንጻር'ዚ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን ውሳኔ ዘሰምዕዎ ዘለዉ ናይ ተቓውሞ ድምጺ እንዳሞጐስና ብዝለዓለ ንክድፍኣሉ ነዘኻኽር።

ኣብ መደምደምታ ኣብቲ፡ ነዚ ዘይፍትሓዊ ውሳኔ ንምምካትን ምብዳህን ተመዲቡ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ሰኑይ ዕለት 22.02.2010 ኣብ ጀንብ የራኽበና ብምባል ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ኣኼባ ኦም ዛዚሞም።

ዓወት ንመኸተ ህዝቢ ኤርትራ!

ኩርዓት ንሓይልታት ምክልኻል!

ክብርን መጎስን ንሰውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ!

ሃገራውያን ኤርትራውያን ኖርድራይን ቬስትፋለንን ከተማ ሃኖቨርንዕለት (24 ጥሪ 2010)

ኣብ ብዕለት 24.01.2010 ኣብ ከተማ ሹፐርታል

ብኤርትራውያን ተቓማጦ ኖርድ ራይን ቬስትፋለንን ከተማ ሃኖቨረን እተኻየደ

ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ዝቐረበ መግለጺ ጽሑፍ

# ፍትሒ ዝጎደሎ ናይ እገዳ ብይን ብባይቶ ጸጥታ

# ውድብ ሕቡራት ሃገራት

ናይ ሎሚ መዓልቲ መኣከቢና ብዛዕባ እቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ቁጽሪ 1907 ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ ታሕሳስ 23/2009 ኣብ ልዕሊ ኤሪትራ ዝተወሰነ ማዕቀብ ብሕቡራት መንግስቲ ኣመሪካ ዝተኣልመን ንነዊሕ ግዜ ክልወስን ክልዕጠጥን ዝጸንሐ ሕጂ ወያኔ ምስ ተዋጠረን ፖለቲካ ምምሕዳር ኣመሪካ ምስ ፈሸለን ዝተወሰነ ንሰላምን ርግኣትን ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ውሳኔ ንምዝታይን ምምካትን እዩ::

እዚ ድግማ ናይቲ ብ1952 ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ኤርትራ ብስም ፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ናይ ምቅራን ዝገበሮ ግፍዓዊ ጌጋ እዩ። ኣብቲ ጊዜቲ ኮነ ሕጂ ምምሕዳር ኤሜሪካ ብጉቦን ብጸቕጥን ምፍርራሕን ኣባላት ናይቲ መሳርሒኡ ኮይኑ ዘሎ ትካል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ርትዓዊ ዘይኮነ ውሳኔ ከሕልፍ ኣገዲድዎ ኣሎ:: ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓለም እቲ ሰላምን ፍትሕን ንኽውሕስ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ሸለል ብምባል ኣብ ርእሲቲ መጋበሪይ ናይ መንግስቲ ኣመሪካ ምዃን ናይ ግበረለይ ክገብረልካ ዕዳጋ ኮይኑ፣ ኣብ ዓለምና ስርዓተ ኣልቦነት ንኽነግስ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም ውግእን ሕንፍሽፍሽን ንኽኽሰት ብምግባር ናይ ሚልዮናት ኣህዛብ ስቅያት ተሓታቲ ንኽኸውን በቒዑ ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራውን ግዳይ ናይዚ ሓላፍነቱ ዝሰሓተ ዓለማዊ ትካልን ዝንቡዕ ፖሊሲ ኣመሪካ ኮይኑ ድሕሪ ምጽናሕ ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ንምውጻእ ኣንጻር ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣንጻር ዝተፈላለዩ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ከም ኣመሪካ፤ ሶቭየት ሕብረት፤ ምብራቕ ጀርመን፤ የመን፤ ሴሜን ኮርያ ክይተረፈ ብምግጣም ናይ ሰላሳ ዓመት መሪር ቃልሲ ብምክያድ ብቡዙሕ መስዋእትን: ስንክልና ናጽነቱን ክብሩን ንኽጭብጥ ተገዲዱዩ። ንኽይዕወትን ኣብ ኣርዑት ባርነት ኢትዮጵያ ተጸሚዱ ንኽነብርን ዘይተኣልመን ዘይተፋሕሰን ኣይነበረን፣ ግን ሓሊፍዎ። ሕጂ እውን ነታ ብደሙን ብቕልጽሙን ባዕሉ ብገዛእ ርእሱ ዘምጽኣ ዘውዲ፣ ንኽይትትንከ ዝኾነ መስዋእቲ ካብ ምኽፋል ድሕር ኣይክብልንዩ።

ኩሎም ጸላእቲ ኤርትራን ምምሕዳር ኣመሪካን ክሰቀርዎ ዘይከኣለ ነገር እንተሎ፣ ህዝቢ ኤርትራ፣ ይትረፍስ ሕጂ ሃገር ምሉእ ብምሉእ ተቖጻጺሩስ፣ ቀደም ኣብ ጎቦታት ናቕፋ ተሓጺሩን ክንድዚዩ ክትብሎ ዘጸግብዎ ስጋብ ዓንቀሩ ሓንሳብ ብኣመሪካ ሓንሳብ ብሶቭየት ዝዓጠቐ ጸላኢ ተኸቢቡ ከሎ እውን እንትኾነ ክሰገር ምኻኑን ዓወቱ ናይ ግድን

ከም ምዃኑ ካብ ምእማን ፈልከት ኢሉ ከምዘይፈልጥን እዩ። ካልእ ዘይተሰቀርዎ ነገር ድማ ሓይሊ ማለት ኣጽዋርን ሓጺነ መጺንን ዘይኮነስ፣ ሓድነት፤ ጽንዓት፤ኒሕ፤ ሓቦ፤ ተጻወርነት፤ ተወፋየነት ምዃኖም እዩ።

ነቲ ዓማጺ ፖሊሲ ኣመሪካ ዘግድዶ ዘሎ ሓደ ድማ እቲ ዘለዎም ፍጹም ንዕቀት ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃ እዩ። ንኣፍሪቃ ዝለኣኹ ናይ ኣመሪካ ኣምባሳደራትን ካልኦት ወከልትን ናይ ዲፕሎማሲ ተልሚደንን ፍጹም ተመክሮን ኣፍልጦን ብዛዕባ ኣፍሪቃ ዘይብሎምን ንኽህልዎም ኣገዳሲ ኮይኑ ዘይርኣዮምን ኮይኖም በቲ ሓደ ወገን ድማ እቲ ብመብዛሕትኦም መራሕቲ ኣፍሪቃ ዝርአ ናይ ነብስኻ ኣትሒትካ ምርኣይ ጠባይን ኣሎ። ወከልቲ ኣመሪካ ካብ ኣፍሪቃውያን መራሕቲ ተቓውሞ ስለዘይፈልጡ ካብ ከም ብዓል ኤርትራ ፍልይ ዝበለ ኣረኣኣያ ምስዝቐርበሎም ስለዘይውሓጠሎም ስጋብ ውልቃዊ ጸልኢ ከምዝሓድሮም ብዙሕ ጊዜ ተራእዩ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ኣተጋባብራ ፖሊሲ ብዙሕ ጸልዋ ኣለዎ። ምሳሌ ንምጥቃስ እታ ሎሚ ኣምባሳደር ኤሜሪካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኮይና ትሰርሓ ዘላ ሱዛን ራይስ፡ እዚ ሕጂ ኣተርጉማቶ ዘላ እገዳ ኣብ ጊዜ ወራር ወያነውን ማለት ብ1999 ንኤርትራ ብኣሜሪካ ማዕቀብ ንኽግበረላ ፈቲና ነይራ እያ። እቲ ብ2006 ኣብ ልዕሊ መጽሓፍ ሚኪላ ሮንግ ዝገበረቶ ኮመንት እውን እቲ ጸልኢ ነኺሳቶ ምንባራ ዝሕብር እዩ። ናይ ዶር ጀንኪ ፍረዘር ሕዱር ጸልኢ ግን ብቶጺርካ ዘይውድኡ፡ ካብ ዲፕሎማሲያዊ ተግባራት ዝረሓቐ ዕንደራታት ኣርእያቶን ዓለም ብምሉኡውን ስል ዝነሓፋ ዘይምዝርዛሩ ይሓይሽ።

ናይ ሱዛን ራይስ ቂም ብ1998 ዝጀመረ እዩ። ነዚ ዘሰዓበ ድማ ኤርትራ ነቲ ብኣኣ (ሱዛን ራይስ) ዝተነድፈ ርዋንዳ ናይ ሰላም ሰነድ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ስለዘይተቐበለቶ እዩ። ኤርትራ ነቲ ንደባዊ ግጭት ኢትዮጵያን ኤርትራን ንምፍታሕ መሲሉ ዝቐረበ ንድፊ፡ ሰላም ከውሕስ ዘይክእል ን፤ ንኢትዮጵያ ጥራሕ ዘርብሕን ብምኳኑ እዩ። ንሳ ግን ሕጂ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት እውን፡ ሽዑ ዓወት ከሊኦምኒ ናይ ዝብል ቂምታኣ ሕጂ ብጉቦን ምፍርራሕን ሸፈጥን ሕነኣ ፈድያ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዓቢ ተራ ዝጻወትኳ እንተኾነ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ግን እቲ ንዝንቡዕ ፖሊሲ ኣመሪክ ዝብድህ ደርማሳዊ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ሓርነት ኤርትራ “ናይ ጽቡቕ ሕማቕ ኣብነት” ነተን ኣብ ምምዕባ ዘለዋ ሃገራት ዓለም ብሓፈሻ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ ንኸይትኸውን ዝዓለመ ኮይኑ፡ ወትሃደራውን ቁጠባውን ካልእ ልምዓታዊ ፕሮጀክታትን ኣድኪምካ በቲ ጀሚራቶ ዘላ ንቅድሚት ንኸይትስጉም ንምግባር እዩ።

1. ስጋብ ሎሚ ነቲ ዝተወሰደ እገዳ ምኽኑይ ክገብር ዝኽክእ
2. መረጋገጺ ስለዘይቀረበ፡ እቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ተወሲዱ ዘሎ ብይን ሓሶትን ዘየሎ ምህዞታትን ምርኩስ ብምግባር ዝሓለፈዩ፡
3. ናይቲ ሓሊፉ ዘሎ ናይ እገዳ ውሳኔ ብዝኾነ መንገዲ ሰላም ኣብ ሶማልያ ኮነ ኣብቲ ከባብን ንምምጻእ ዝዓለመ ዘይኮነስ ዕብለላ ኣመሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቅ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ከምዝኾነ ርግጸኛታት ኢና።
4. እቲ ኣብ ሶማል ዘሎ ግርጭትን ኣብቲ ከባቢ ዝርአ ዘሎ ቅልውላውን ብናይ ደገ ሓይልታት ቀጻሊ ንምግባሩ፡ ኩሉ ክስታት ንኤርትራ ብምስካም ድማ ሶማልያ ናብ ሶማሊላንድ ፑንትላንድ ኪስማዮ ወዘተ ንምጉዝዛይ ዝዓለመ ምኻኑ ኣረጋጊጽና ኣሎና።
5. ሕብራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ፡ እቲ ብናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዶብ ኮሚሽን ብ2002 ዝተወሰነ፤ ናይ መጨርሻን ቀያድን ብይን፤ በቲ ናይ ኣልጀርስ ስምምዕ መሰረት፤ ኣብ ግብሪ ንኽውዕል ናይ ምግባር ሓላፍነታ ረሲዓ ኢትዮጵያ ስጋብ ለይቲ ሎሚ ኣብ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ኮፍ ንኽትብል ዝገደፈታ ከይኣክል ሕጂውን እንሆ ኤርትራ ብምትሕብባር ሕብራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ግዳይዚ ሓድሽ እገዳ ኮይና ኣላ።

6. ሚስትር ደሚሳኒ ኩማሎ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ደቡብ ኣፍሪቃ ከም ኣቦ ወንበር፣ ናይ ሕብቡት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ኮሚቲ ጉዳይ ሶማሊያ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ: 80% ካብ ሚእቲ ናይቲ ኣብ ሶማሊያ ኣብ ዕዳጋ ንመሸጣ ዝቐርብ፣ ኣጽዋር ብኢትዮጵያን ብመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልን በቲ ዓቃብ ሰላም ዝብሃል ጉጅለ ምዃኑ ኣቃሊዑ። ይኹን እምበር ኢትዮጵያ ካብ ምጉብጉባዕን እገዳን ነጻ ኮይና ኣላ።
7. እዚ ታሪኻዊ በደልዚ ብ1950 ብዚ ዓለማዊ ትካልዚ ዝተገብረ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ምጽማድ በደል፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሰላሰ ዓመታት ዝኣክል ኣብ ውግእ ብምሽማሙ ኣብ ኣእምሮ ህዝቢ ኤርትራ ንዘልኣልም ከምዝቕረጽ ጌሩ ከብቅዕ ሕጂ ውን በቲ ታሪኽ ክይተማህረ ኣብ ናብራ ኩሉ ተራ ኤርትራዊ ዝጸሉ ሓደገኛ ውሳኔ ወሲኑ ኣሎ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዘረጋግጸልና፡ እቲ ውሳኔ ናይ ኣመሪካን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታን ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ኮይኑ ኤርትራ ንምድኻምን ኣብቲ ከባቢ ዘይተመጣጠነ ሓይሊ ንምፍጣርን ዝዓለመ ጥራሕ ምኻኑ እዩ፡ ንዝኾነ ብሰንኪዚ ውሳኔዚ ኣብቲ ቦታ ክሰዕብ ንዝኽእል ናይ ሰላም ምጉዳልን ዘይምርግጋእን ኣመሪካን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታን ተሓተትቲ እዮም።

ንስጉምትታት መንግስቲ ኣመሪካን ዓባይ ብሪጣንያን ከም ቀንዲ መንቀልትን ደፋእትን ናይቲ ጉዳይ ታሪኻዊ ጌጋ ብምፍጻመንን ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንዝተጻወትኦ ኣሉታዊ ተራን ድማ ኣጥቢቕና ንኹንን።

በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት ድማ ኣብ ኖርድ ራይን ቨስትፋለን እንነብር ኤርትራውያን ምስ ሓፈሽ ህዝቢ ኤርትራ ሓቢርና ነዚ ዘሕፍር ስጉምቲ ኣመሪካን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታን ንኹንን። እዚ ዳግማይ ጥልመትዚ ኣብ ኣእምሮ ህዝብና ንዘልኣለም ክዝከር ክነብርዩ። ይኹን እምበር ሕጂውን ንኣባላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ነቲ ወሲዶሞ ዘለዉ ስጉምቲ ንኽሓስብሉን ክስሕብዎን እናጸዋዕና ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገረ ኤርትራ ዘለዎም ተጻባኢ ዝኾነ ኣራኣእያን ንኽቕይሩ ኣጥቢቕና ንላቦ።

ህዝቢ ኤርትራ ነዚ እገዳዚ ከምዘሰግሮ ርግጸኛታት ኢና፡ ይኹን እምበር ነቶም ኣብዚ ዘሕፍር ጉዳይ መሪሕ ተራ ሒዞም ኣብ ልዕሊኡ ጉድኣት ክፍጽሙ ዝፈተኑ ኣይክርስዖምን እዩ። ተራ ናይቶም ተሓጋግዝትን መሳወርትን ጎይተቶም ንምሕጋስ ብምጉያይ ንህዝብን መንግስትን ንምድቋስ ዝፈተኑውን ሽለል ኢሉ ኣይክሓልፎን እዩ።

ኣብዚ ታሪኻዊ ጊዜዚ ኣብ ጎድኒ ህዝብና ደው ኢልና መሰል ህዝብና ኣብ ምክልኻል ግቡእና ንምፍጻምን ሓቢርና ንምስራሕን ቅሩባት ኰንና ንሰላምን ርግኣትን ከምእንቃለስ ቃል ንኣቱ። ኣብ መወዳእትኡ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራን ሕግን ተዓወትቲ ከም ዝኾኑ ንእሽቶ ጥርጣሬ እውን የብልናን።

ዘላልማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ